# ኤርትራዊት ኣደ ኩሉ'ያ፡
# 8 መጋቢት 2019።

ኣህጉራዊት መዓልቲ ደቂ ኣንስትዮ (8 መጋቢት)፡ ኣብ መላእ ሕብረተ ሰብ ዓለም ሰብኣዊ ክብርን ፍትሒን ንምርግጋጽ ኣብ ዘካየድ ቃልሲ፡ ተማኩሮኤን ገምጊመን ንሕድሪ ሰማእታት፡ ኣሓተን ኣሕዋተን ንምርግጋጽ መብጽዓ ዘሐድሳላ፡ ቃልሰን ዝግምገማላ መዓልቲ`ያ። ህግደፍ ንስለ ምብዓልን ተባሂሉ ዓይላን ዳንኬራን ብምግበር ዘይኮነ ነ ንፍትሒን ማዕርነትን ንምርግጋጽ ዕላማኡ ዘነጽራላ ኢያ። ስለ ዝኾነ ድማሎሚዓመት'ውን 8 መጋቢት .2019 ዕውቲ ኮይና ክትብዕል፡ ኤርትራውያን ደቂ-ኣንስትዮ ብሓደ ሰሚረን ይአክል ስደትን ሞትን፡ ፍትሒን ስርዓተ~ ሕጊ ኽሰፍን፡ ዶብና ኽሕንጸጽ፡ ቅዋምክትግበር ናይ ሕልና ኡሱራት ክፍትሑ፥ ብሓባር ብድሆ ኽብላ፡ ንጾታዊ ማዕርነትን ማሰልን ከዉሕሳ ኣለና ዝብላላ ሰናይ ምዓልቲያ። ኤርትራዊት ኣደ፡ ማሰረት ህላወናን፣ ሄወትናን ባህልናን፣ ሓጎስናን ሓዘናን፡ ፍቕርን ተስፋን ኩሉ'ያ። ኣብ ሰውራና ዝነበራ ግደን ተወፋይነትን፡ ብጽሑፍ ዘርዚርካ ወይ ተንቲንካ ዝዉዳእ ኣይኮይኑ፣ ብሓጺሩ ግን ነቲ ንዘይከኣል ከም ዝከኣል ዝገበረት፣ ንትምክሕቲ ሰብኣይን፣ መግዛእቲን ዝሰዓረትን፣ ንኣሕዋታስቓይን፣ ሞትን፣ ሰጊረን ዓወት ዘበሰረት ሓርበኛ እያ። ሰውራ ኤርትራ ሓደ ካብቶም ዓበይቲ ሓርነታዊ ቃልሲ ኣብ ዓለምና ዝገብሮ-:ዕዙዝ **ተሳታፍነ ተዩ** ደቂ ኣንስትዮዩ። ኣብ ታሪኽ ዉዕሎን ጅግንነት ኤርትራዉያን ደቅንስትዮ ዝገልጽ እኹል ቃል ኣይርከብን ፡ ምኽንያቱ ኤርትራውያን ደቀንስትዮ **ተሳቲፈን** ጥራይ ዘይኮና **ተዋጊኤን ኣዋጊኤን፡ መሪሐን ተመሪሔን፡ ተሳቲፈን ኣሳቲፈን፡ ኣብ ሕምበርቲ ጸላኢ ቅያ ሰሪሔን፡ ጸኒዐን ዘጽነዓየን ኢየን**። ስለዚ ማስዋእቲ ኤርትራውያን ደቀንስትዮ ኣብ ቃልሰን ድርብ'ዩ ኽባሃል ከሎ ከም ደቀንስትዮ ንዘጋጠመን ባህርያዊ ጸጋማትን ተጻዊረን ምረት መግዛእቲ እንዳመከታ ነባሪት ሰላም ንከምጻኣ፡ ነቲ ዘይነባሪ ናይ ምውላድ ዕድለን ንጎኒ ገድፈን፡ ምእንቲ ብጾተን ከየግድዓ ኣዋርሕ ዝቖጸረ ጥንሲ ረሲዔን፡ ኣብ ባርዕ ኩናት ካብ ሓደ ድፋዕ ናብ ካልእ ግንባር እንዳዘለላ ዓወት ንሓፋሽ እንዳጨፈሓ ኽወድቃ ከለዋ። ኣብ ማህጸነን ዝዓኾኽ ዘሪኢ`ዉን ምእንቲ እዛ ሓላል ሜሬት በጃ ሓሊፉ`ዩ። ስለዚ`ዩ ኤርትራዊት ኣደ ምንጩ፤ ሃገራውነት፡ ሓድነት፡ ዕርቕን ፍትሒን፣ ከም ዝኾነት ሕሉፍ ታሪኽ ቀዳሞት ወለድና ዘረጋግጾ ሓቂዩ።

ኣበርኩቶ ቀዳሞት ኣደታትና` ንእትዋት ወይ ፍርያት ቀውዒ ብባዕል ኣንዴን ተሓሪሱ ተዓጺዱ፡ ኣብ ማካዳ ተጻርዩ፡ ብበዓልቲ እንዳኡ ተማሒሱ ሰናይ ቀውዒ ረኺቡ ኣብ ቈፎኡ ይኣቱ፡ ። ሰብኣይ ኣብ በረኻ ንፍዕ ውዒሉ ንፍዕ እንተሓደረ፣ ብዘይ ወረጃ ወሓለን ብዓልቲ ቤት ዘማዕርግ የብሉን፡ ንእኽሊ ኣብ ቆፍኡ ማኣለ ብዝግባእ እተማሓድረሉ። ካብ ዓውዲ ንዝኣተወ እኽሊ ኣየናይ ንዘርኢ ይኸውን፣ ኣየናይ ቀልጠፉ (መግቢ) ክትጥቀማሉ ወይ እንተጸነሐ ኣበር ዘይብሉን፡ ብዝግባእ ፈልያ ተካናዉን`ያዋ። ጥሒናን ለንቂጣን ሰንኪታን ኣነየ ዝበለ ኩሉ ዝምዓ ዮ እንጌራ-ማይ ተዳሉ። ኣብ ባይቶ ዓዲ ይኹን ካልእ ምስሕሓብ ዝተኣአሳሰረ ጉዳያት ምስ ዘጋጥማማዕረ ደቂ ተብዓትዮ ክምኡታን ከስምዓን ይኽእላ። ሰለዚዩ ድማ ተዛሪበን

የስምዒ ይበሃለን። ወላ'ኳ ልቢ ኣዕብየን ንነገር ብሰላም ኽድቅስላ ዝደልያ እንተኾይና፣ ማጡኑ ዝሓለፈ ዋጽዓ እንተረኺበን ግና ንስለ ማሰለን ደውብማል ግቡእን ይረኽባ። **መንፍዓት ሰብኣይ ፍርቂ ናይ ሰበይቱ'ውን ይበሃል'ዩ። ንብዓል ቤተን ልቦና ዝምግባ እኖሓጐታትን ኣደታትን ነይረንን ኣለዋን። ደቂ ተባዕትዮ ክፈትሕዎ ዘይከኣሉ ጉዳያት ብርቀት ሓሲበን ከዕርፋኦ ክኢለን'የን። ዝተፈላለዩ ዛንታታት ኣፋዊ ያታ ከምዘረጋግጽዎ ልቢን ኣእምሮን ደቀንስትዮ ልዕሊ ደቂ-ተብዓትዮ ኲይኑ ብዙሓት ግርጭታት ከምዘዕረፈ'ዩ። ተዛሪበን ዘስምዓን ዘድምዓን ምኳነን ከኣ ንማንም“ሰንኪተን የብስላ ተዛሪበን የምስላ” እተኸወለ ኣይኮነን።**

ኣበርኽቶ ኤርትራውያን ደቂኣንስትዮ ኣብ ሰውራ ትማሊ፡ ሎምን፡ ጽብዝሕን

1)ኣብ 40ታት ኣብ መንጎ ኣስላምክርስትያን ብመንግስቲ ኢንግሊዝ ዝተወልዔ ደም ምፍሳስ ዘሰንበደን ኣደታት፡ ናብ ኣቦና ኣቶ ወልድኣብ ወልደሚርያምን ኣቦና ሸኽ ኢብራሂም ሱልጣን ከይደን ኣንታይ ትገብሩ ኣለኹን ሰላማዊ ህዝቢ ኣንዳ ተቐትል፡ ቀልጢፎም ደዉ ከብልዎ ድፍኢት ገይረን፡ ቃለን ሰሚዖምነቲ ኩነታት፡ ዓበይቲ ዓዲን፡ መራሕቲ ሃይማኖትን፡ ተኣኪቢኦ ኣብ ሰላምከምዝዓርፍ ገይሮሞ። ፡

2) ኣብ 70ታት ተማሃራይ ካብ ትምህርቱ፡ ሓረስታይ ካብ ማሕረሱ፡ ሰራሕተኛ ካብ ስር፡ ወናኒ ትካል ትካሉ ዓጽዩ ንሳሕልን ባርካን ምስ ወረደ ኩሉ ሓላፍነት ኣብ ኣደታት ወዲቑ። ምንባይ ቆልዑት፡ ዓበይቲ ወለዲ ምኽትታል፡ ንብረት ብዓል ቤትን፡ ወለደን ምጥርናፍ ሓላፍነት ተሰኪመን። ኣብ ጎኒ ሰውራ ብሚስጢር፡ ተወዲበን ዝሰርሓን ዝተወደባን ኣንስቲ ወንበድየ ተባሂለን ዝትእሰራን ዝተቐተላን፡ ከምኡ`ዉን ተስዲደን ስሚንቶ ፋሕፊሔን ወርቅናን ሽልማትን ንሰውራ ዘወፈያ ጀጋኑ ብዙሓት ኢየን። እዚ ከምደቀ ኣንስትዮ ጾታዊ ማዕርነታ ዝተሓለወ፣ ማሕበራዊ ክብራ ዝተረጋገጸ፣ ኣብ ፍትሕን ሰላምን እትነብር፣ ከምዜጋን ከምዓለ ኣንስተይትን ንኽትኸብርዩ ኔሩ፡ ዘራግ ማይ ከሎ ጽሩይ ኣይስተን`ዩ ንስደት ንሕስረት ንዓሙጽን ኮይና ዉላዳ ሲኢና ኣብስቅያት ትነብር ኣላ።

3) ኤርትራውያን ደቂ ኣንስትዮ ኣብ ምስጢራዊ ስርሓት ተወዲበን ንኩነታት ጸላኢን ዑስባቱን ብምኽትታል፡ ሓበረታ ምትሕልላፍ፡ ንህዝብና ዘሳቅዩን ሃሱሳት ጉጅለ (ዓፋኝ ጓድ) ምቅንጻልን ከምኡዉን፡ ወነንቲ ቤት ማስተ ባር (ሰግረቶ) ከምኣብነት ዝላዓላ ንኮረነል ብሹ ኣዘዚ 35ኛ ብርገድ ዝነብረን ገጠራት ኤርትራ ዘቃጸለ፡ ኣብ ህዝብ ገበን ዝፈጸሙዕሉላት ጸይቂ ኣብ ምቅንጻልን ምጭዋይን ከቢድ ማስዋእቲ ዝከፈላ ኢየን፡፡ ደቀንስትዮ መብጽዓን ታሪኽን ዝተጠልመ ጥራይ ኣይኮነን፡ ሎሚ ከምትማሊ ታሪኽን ዳግማይ ምርግጋጽ ሓርነትን ልዕላውነትን ውን እዩ። ኤርትራዊ መዋእሉ እንዳተሰቐየን እንዳተወጸዐን ርእሱ ደኒኑ ዝኸይድ ህዝቢ ከምዝይከነ የረጋግጽ ኣሎ።

4) ኤርትራውያን ኣደታት ሕጻን ኣብ ዝባነን፡ ዕሽላት ቆልዑ ቢኢደን እናሳለያን፡ ኣብ ከብደን ድቂ ሕዘን ካብ ማሙቕ ገዜን ንበረኻ ዝወረዳ፡ ገለ`ዉን ሕጹነተን

ከይወድአ ካብንእደን ወሪደን ብዓል ቤትን ካብእግርኻ ኣይተርፍን ኢለን ንገድሊ ጀሚረንኦ ። ኣብ ሜዳስከር ምስ ኣተዋ ህላወ ብዓል ቤትን ምፍላጥ ወይ ማስዋእቲ ምስ ተነገራ፡ ናይ ስዉእ ብዓል ቤት ብረት ኽዓጥቆየ ባዕለይ ኢለን ጸጉራ ቆሪጸ፡ ገለ ዉን ንሰዉራ ገዲፎምዝኸዱ፡ ስረ ብዓል ቤተይ ኽዓጥቆየ ባዕለይ ኢለን፡ ኣብ ግንባራት ቅያ ዝሰርሓ ጀጋኑ ብዝሓት ኢየን፡ ኤርትራዊት ኣደ፡ ቃል ኪዳና ተኽበር ምስ ዕሸላት ደቃ ኣብ ሜዳስከራት ምስ ኣተወት ዉለዳ ኣብ ቤት ትምህርቲ ሰዉራ ሰዲዳ፡ ንሳዉን ኣብ ዉግአት ምእላይ ኣጋይሽ ምቅባል ኣብ ትካላት ዉድብ መግቢ ምዕንጋል ወዘተ እጃማ ኣበርኪተን። ቀዳሞት ግዳይ ጥልመት ዝኾናን ዝተኻላበታ ብስርዓት ኢሰያስ ኣዚን ኣደኣታት ኢየን`። ኣብ ተመኩረይ ሰብአይ፡ ሰበይቱ ወይ ሕጽይቱ ክትጋደል ከይዳ ከርክባየ ኢሉ ዝተጋደለ ሰሚኤ ኣይፈልጥንየ ። እንተልዮም ክምኣ ሱ ይግባእ።

ተማዚራ፡ መክበሪትን ሓጋዚት ሕብረተሰብትኸዉን። ማሰልና ኣይጋሃስን በለቶም፡

ድሕሪዚ ደቀምናብቤት ትምህርቲ ክኸዳ ጀሚረን።

5) ኣደይ ዘነብ ካብዓዲ ሸክ (ኣፍዓበት) ኣያ፡ ዓዲ ሸኽ ፍሉጣት ዓበይቲ ሜራሕቲ ሃይማኖታዉያን ዝርከቦምዓዲ ኢያ። ኣብ ሳሕል ንህዝቢ ናይ ምዉዳብ ናይ ምእማን ክእለታ ብጀማዚ ፍልጥቲ ነይራ። ኣብ ሃበሮ ሳሕል ብዉድብ ቤት ትምህርቲ ተሰሪሑ፡ ኣባላት ጀማዚር ደቂ ኣንስትዮ ክማዛራ ብዙሕ ጎስጓስ ኣካይዶም፡ ብባህሊ ደቂ ኣንስትዮ ናብ ትምህርቲ ምስዳድ ዘይሉመድ ብምንባሩ ተቀባልነት ኣይረኸበን። ብፍላይ ዓበይቲ ዓዲ ተኣኪቦም ኣዋልዳና ክማዛራ ኣይነፍቅድን ኢሎም ተቃወሙ፡ ጀማዚር ከረድኡ ኣንተጸዓሩ ብጸብዕ ዝቁጸራ ተራእየን። ነቲ ጸገም ዝተረድኡ ጀማዚር ዓቅምን ኽእለተን ነደይ ዘይነብ ዝፍለጡ ከምብሓዲሽ ኣኼብ ጸዊዕም ኣደይ ዘይነብ ኣብ ኣኼበ ተረኺባ፡ ብድድ ኢላ ሰላምታ ብምቕ * ጓል ኣንስተይቲ ኣይትማዛር ዝብል ኣበየናይ ጽሑፍ ኣሎ ኢላ ሓቲታ ቀጺላ፣ ጓል ኣንተ ተማዚራ፡ መክበሪትን ሓጋዚት ሕብረተሰብ ትኸዉን። ማሰልና ኣይጋሃስን በለቶም፡ ድሕሪዚ ደቀምናብቤት ትምህርቲ ክኸዳ ጀሚረን።

6) **1978** ዓምኣብሰዉራና በዳሂን ፈታኒ ምዝላቕ ኣዋን ነይሩ። ኣብ 28 ሕዳር 1978 ዓምብጀነራል ካሰየ ጩሙዳ ዝምራሕ ግብረ ሃይሊ 505 ብምዕሜዪ ፈንጢዙ ንአፍዓበት ኽሓልፍ ተከርዲኑ፡ ንስለሰተ መዓልቲ ደማዊ ኩናት ተኻይዱ፡ ኣቲ ዝነብረ ዉሕድ ዓቅሚህግ ኣብ ሳልሳይ ምዓልቲ ተወሳኺ ሓይሊ ሰለ ዝረኸበ ብ **2** ታሕሳስ 1978 ተበጉሶ ወሲዱ ጸላኢ ተደምሲሱ። ልዕሊ **200** ምሩኻት ገዲፍ፡ ንብረቱ ተቃጺሉን ተማሪኹን፡ ሓንቲ ዘዉዲቱ ዝተባሃልት ጓል ኣንስተይቲ ኣርሆ ተማሪኻ ነይራ። ዘዉዲቱ ነቶም ሞራሎም ዝሞተ ሕልንኦም ዘዕረቡ ሰራዊት ንምብርባር "ጎቦዝ ኣይፈራም' ገዳይ" እናበለት ከተራሳስኖምወፊራ። እንተኾነ ካብ ሞትን ምማራኽን ኣይድሓነ ቶምን በንጻሩ ኤርትራዉያን ኣርሆ ንሕና ንሱ እንታይ ይገብራ።

ሓርበኛታት ኤርትራዉያን ኣስተር ፍሳሃጽዮን፡ ኣስተር የዋሃንስ፡ ምርያም ሓጎስን ሰናይት ደበሳይን ካልኦትን ንስለዛ ሃገር ኣብ ማሕዮር እንዳ በልያ፡ ኤረ ሃገር ብምጌእታ ብዉልቀ ማኣኺእንዳጸነተት፡ አብድቅድቅ ጸላምተሸሚና፡ ኑሮና

ንሮ ኣባይ ኮኑ፡ ኣብ ስደትን ውርደትን ኣብ ኣውያትን ብኽያትን፡ ህላወ ሃገር ኣብ ጸድፊ ጠልጠል ኢሉ፡ ናይ ሞትን ሕየትን ኮይኑ እናሃለው፡ ካብታ ኢትዮጵያዊት ኣርሆ ብዝገደደ ማኅርሒ ውልቀ ማላኺ ብኺን ፡ ሃገር ጹብቅ ኣላ፡ ኤሱ ይንበረልና፡ ወዘተ ብምባል፡ ዘብረቕረቐን፡ ዘብለጭልጨ ወርቂ ሞርቂ ንባንዴራ ተሸላሊሞን ዕልል እናበላ ክዘላን ብዳይላን ዳንኬራን ሰኺረን፡ ኣእምሮኣን ስሒተን ከጉራዓን ክጽለላን ክትሪኤን፡ እቲ ክርህርሃሉን ክወልዳሉን ዝተዓደለን ከብዲ፡ ጭቅነ ጠኒ ሰንሉ፡ ልበን ምድረበዳ ገረኖኦ ጸኒሔን። ሃሜድኤ ንማኅላት ደቀንስትዮ ዝቖመ ማሕበር`ዩ፡ ፡ ከም ማሕበር ዝሞተ ስለዝኾነ ንምግሳስ ደቀንስትዮ ዘተባብዕ ንወጽዓታትን ዘየኽብር ንምልኪ ዝድግፍ ካብ ዝኸውን 28 ዓመት ኣቚጺሩ ኣሎ። በዚ ኣጋጣሚ 8 ማጋቢት ኩልና ደቂ ኣንስትዮ ፍልልያትና ንጎኒ ገዲፍና ደግፍትን ተቃወምትን ካይበልና ንድሕነት እዛ ሃገር ጠጠውክንብል ይምሕጸን።

7) ኣደይ ኣብ ሱዳን፡ ጀማሪ ኣብ ህዝቢ ዘጸግሞምዝነበረ ጉዳያት ብክእለትን ጥበብን ናይ ምርዳእ ክእለታነቲ ዝይካኣል ዝምስል ህዝባዊ ግዳያት ብቓላትን ግጥሚን ልቢ ኣኼብ የኢሜፍ ዓቢ ሃገራዊ ጉዳያት ኣብ ምፍታሕ ኣበርኪታ ኢያ። ኣብ ገዳርፍ፡ ህዝባዊ ግንባር ብሃገራዊ ጸዊዒት ደቂ ኣነስትዮ ተጋድል ኣላ፡ ዝብል ሕቶ ተላዕሉነ ይሩ። ኣዚ ምስ ኣባላት ህዝባዊ ምምሕዳር ዘይምርድዳእ ተፈጢሩ ። ኣደይ ዘይነ ብኣብ ቅድሚ ህዝቢ ቀሪባ፡ ^^ንስኹምሃገር ገዲፍኩምኣብ ስደት ሰፊርኩምኣለኹም፡ ንሳተን ግን ምስ ኣሕዋተን ጅግንነት ይፍጽማኣለዋ። ሃየ ሕልና ዘለዎ ይርኽብ!!! ኢላ ንጅግንነት ደቂ ኣንስትዮ ዘሞጉስ ግጥሚገ ጠሚቶሞዓቢ ኣድናቆት ረከበት። እቲ ሽግር ዝነበረ ፍታሕ ረኺቡ ኣብ ምርድዳእ ተበጺሑ።

8) ንራእሲ ወልደንኪኤል ሰሎሞን ብዓልቲ ቤቶ ወይዘሮ ኢለን መማኽርቶም ከም ዝነበራ ኣብ ሞጻሕት ታሪክ ኤርትራ ተጠቒሱ ኣሎ። ንሃጸይ ሚኒሊክ ቀንዲ ኣማኻሪቶም ዝነበረት ብዓልቲ ቤቶም እተገ ጸሃይቱ ኢየን። ከም ዝግለጸ ምስ ጥልያን ኣብ ዝገበርዎ ውዕላት ኣኹሱምዘይብላ ኢትዮጵያ ኣንታይ ታሪኽ ኣለዋ ኢለን ሰለ ዝእሙና ንኻልኣይ ግዜ ካርታ ኤሪትራን ኢትዮጵያን ካብ ሚሪብ ምላሽ ከምዝተሓንጸጸ ኣብ ታሪኽ ተመዝጊቡ ኣሎ። ፕረሲደንቲ ክሊንተን ኣብ ሰልጣን ዝነበረሉ ምስ ሓንቲ ጓል ኣንስተይቲ ርክብ ፈጺሙተባሂሉ ካብ ስልጣን ክወርድ ከብድ ጸቕጢ ብሪፓፕሊካን ይወርዶ ኣብ ዝነበረ ብጽንዓት ብዓልቲ ቤቱ ሂላሪ ኣብ ጎኑ ጸኒዓ ደውሰለዝበለት ዓቢ ዓወት ኣመዝጊቡ፡ ኣዚ ተራ ኤርትራውያን ደቂ ኣንስትዮ ኣብ ጽንኩር ኣዋን ዘሰጋግር ብቕዓት ከምዝለዎን ኣብ ሰውራና ሎሚውን ኣብ ጎዕዞ ኣለዋ።

9) ኣብ ጀልሃንቲ ሳሕል( ሜዳስከር ዕቑባት) ናይ ህዝቢ ኣኼብ ነይሩ፡ ኣደይ ዜነ ብ ስሚዒታ ብግጥሚ ኣቕሪባቶ፡ ኣዝዩ ማሲጣቶ ነይሩ፡ ፡ ካብ ተሰተፍቲ ሕቶ ቀሪቡ "ንምኳኑ ክንደይዩ ዕድሜኸን" ሓተትዋ ብምግራም፡ ኣደይ ዘነ ብዕድመይ 5ተ ዓመት፡ ኣውኣነ ጓል 5ተ ዓመት ኢየ ። ኣብ ህዝባዊ ግንባር ቅድሚምዉዳበይ ዝነበረ ጸልማት ግዜ ስለ ዝነ ብረ ኣይሓስቦን ኣየ ። ንህዝብካን ንሃገርካን ዘይተገልግለሉ ዕድመ ህይወት ኣይኮነን። ኣነ ካብ ጸልማት ወጺኤ ብዛዕባ ሃገረይ ፈሊጠ ኣበርክቶ

ክገብር ካብ ዝጀመርኩሉ ዕለት ኣየ ዕድመይ ዝቖጽር። ኣቲ ካልእ ብላሽዩ ሰለ ዝበለት ንቡዝሓት ኣገሪሚዎም። (ካብ ኣባላት ክፍሊ ሕዝቢን ሙኻ ራባዕ ኣብ ሕሽክብ ዝምስጠኒ ዝነበረ ዕላልዩ)

ኤርትራዉያን ኣደ ምእንቲ ሰላምፍትሒን ዋጋ ከፊላ ኢያ። ሰለዚ ንርስቲ ይዋጋኣሉ ኣንስቲ ዝባሃል። ሜሌት ንዳኖት ኣይትህብን ኢያ፡ ወደባታን ባሕራን ናይ ደቃ ስለዝኾነ ክዝሙት ኣይተፍቅድን ኢያ። ሎሚ ኤርትራውያን ብሜሪር ገድሊ ስለ ዝሓለፋን፡ ኣብዚ 27 ዓሙት መግዛእቲ ኢሰያስ ከምወርቂ ብሓዊ ዝተፈትና፡ ኣብ ዉድባት ይኩን ማሕበራት ኣብ ሰላማዊ ሰልፍታት ብአብነት ዝሞርሓን ዝዋስአን፡ ንስብአዊ ማሳላት ደቀን ዝጣበቓ፡ ኣብ በረኻታት ሲናይ ሂወት ዜጋታተን ዘዉሓሳ፡ ንማስል ስደተኛታት ዝጎያ፡ ኣብ ዲፕሎማሲ ዓላምንስርዓት ህግደፍ እንታይነቱ ዘቃልዓ፡ ጀጋኑ ተቓለስቲ ኣብ ሜድረኽ ወጺኤን ድምጻን ብዓውታ የስምዓ ኣለዋ። ኣብዚ ጽንኩር እዋን ዝፈረያ ጀጋኑ ከምብዓል ሞርከር (merker) ናይ ጀርመን፡ ከም ሂላሪ ክሊንተን ናይ ኣሜሪካ፡ ከምሳቸር ዓዲ ኢንግሊዝ፡ ጎልዳ ሞዋር ናይ ኢስራኤል ኣብ ጽንኩር ኩነት ዝተፈተና ንሃገርን ዘዉሓሳ ብሉጻት ሜራሕቲ ወሊዳ ኢያ ። ኤርትራና ህያብ ሰሜእታት ሰለ ዝኾነት ብአጋጣሚ 8 ማጋቢት ንኩሎም ድምጻዉያን ደረስቲ፡ ጽሓፍቲ ድምጾም ከስምዑን። ኩሎም ምሁራትን ንቃልሲ ኽቅይሱ፡ ገዳይም ተቓለስቲ ፡ ሜራሕቲ ሃይማኖት፡ ዓበይቲ ዓዲን መንእሰያትን ብሓባር፡ ፡ ደጋፍን ይኹን ተቓዋሚን ከይፈላለያ፡ ሕሰምን ስደትን ማስርትን ከብቕዕ ፡ ዓሙጽ ኣብ ልዕሊ ደቂ ኣንስትዮ ደዉ ክብልን፡ ፍልልያት ከነዉግድ ንብዓት ኣደታት ክንሕብስ ፍቅሪን ሰላምን ክነግስ ሓቢርና ክንቃለ፡ ዝሓዝካ ሒዝካ ኣርክብ፡ ኣብ ሐሙድ ድበ ህግደፍ ንኸነርክብ፡ ከምቲ ኣብ 1991 ለታይ ተላዓሊ ንዕናይ ንዓድና ኢልና ንኩሎም ሰሜእታትና ካብ ዝወደቑሉ ባሕርን፡ ምድረ በዳ ሳሃርን ፡ ኣብ ሲናይ ዝተረፉ ንቡር ዘይረኽቡ ሓሙድ ዓዶምኽለብሱ። ስደትንሓዋሩ ክዉዳእ፡ ኤርትራዉነትና ኽዕንብብ ንኹሎም ተሳተፍቲ ሽሞንተ ማጋቢት ዓወት ንምን የልኩም።

ሜልእ ዓወት ንጽንብል 8 ማጋቢት

ዘልአለማዊ ዝኽሪ ንሰሜእታትና

**ሃብተማርያም ሚኣኖ**